መበገሲ ሓሳበይ ምስ ዓብደላ ስሌማን ዝተገበረ ሕቶን መልስን ካብ ምስ ስዉእ ኣሕመድ ናስር ሒዝዎ ዝተቐበረ ዓቢ ሃገራዊ ምስጢር ዝብል ትንተና ዝተበገሰ እዩ።




## ስዉእ ኣሕመድ ናስርን ዓብደላ ስሌማንን ብ1979 ኣብ ዘካየድዎ ቃለ ማሕትታት፡ ናይ ወድቦምሚ ገጸት ኣናኣነጸሩ።

(1ይ ክፋል)እዚ ውዲት እዚ ብኣጋ እንተ ዝቃላሕ''ኢሰያስ ዝመርሖ ውዲተኛ ጉጅለ እንበር''ውድብ ተሓኤ ይኹን ውድብ ግንባር ኣይምበሉን ፋሕ''ሹዑ ይካኣል ነሩ ምስ ቶም ሃገራዊያን ተቓለስቲ ህዝባዊ ግንባር ምስራሕ።ሎሚ ንስምምዕ 20 ጥቅምቲ ክንደይ ካብ ሚእቲ እዩ ነዚ ታሪኽዚ ዝፈልጦ''ህሉዋት ካድራት ተ.ሓ.ኤ እቶም ተንተንቲ ድሕሪ ማይ ናብ ባዓቲ''ካብ ተሐታትነት ከም ጲላጦስ ኣይኮንኩምን ነጻ''ታሪኽ ይተንተን እንበር ይታናተን።




ኣንጊሁ ኣብ ዓላ ኣብ ልዕሊ ኣብራሃም ካራ ኣብሊሑ''ንጉባኤ ኣዶባሐ ተሐሪሙ ንውግእ ሕድ ሕድ ሴፉ ዘብለሐ''መራሕቲ ጀብሃ እንዳ ፈለጥዎ ሸርሑ'' ንሎክመኛ ኢሰያስ ኣሚኖም ንድሕነት ህዝቢ ኤርትራ ዝሰርሑ መሲልዎም'' ንጥፍኣት ተጋድሎ ሐርነት ኤርትራ ንሰራዊት ሐርነት ዝመርሑ''ብ80 ሐደ ካብዞም ካድራት ተሐኤ ኣብ ረእሲ ከተማ ሃገር ሊባኖስ በሩት ከምዚ በለኒ'' ጀብሃ ኣብ ኣዶባሐ

*ሳሕል ን335 ክሎ ሜተር ዝሰፍሐ እስትርተጂ ሐንጺጹ ንሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ኣብ ክባ ኣእቲውዎም ኣሎ ምስ በለኒ"ቃል ብቃላ ሕጂ ግርም ሐዲኣ ትወለድ እንተበልክዎ"ኢሰያስ ዝመርሖ ጉጅለ ንውድብ ተሐኤ ንምብትታን እንዳ ሰርሔ''ኣይፋል ከምኡስ ኣይንመነ ዝብል መልሲ ሂቡኒ።*

*ብድኽመት መራሕታን ካድራታን ህዝባዊ ውድብ ተ.ሐ.ኤ ብውዲት ከም ትባታተን ኮይና"ብመሰዋእቲ ጀጋኑ ደቂ ዝተረኸበ ነጻነት''ሐፍ ኢልካ ካብ ዱኳስ ናብ ኩርሲ"ብሕጊ ኣልቦ ኢትዮጵያዊ ሉኡኽ ብቅልጽመይ እንበር ህዝቢ ኤርትራ መዓስ መሪጹኒ ኮይኑ ቲ መልሲ"ንልዕሊ 40 ዓምታት ካብ ሰራዊት ተሐኤ ተሐቢኡ ዝጸንሔ ምስጢር ተንቲንካ ሕጂ ደኣ መንዩ ተሐታቲ"ምስ ኢሰያስ ነሩኩም ድዩ ስልቲ"ምቅናይ ጥራይ ምቕናይ ደቂ ኤረ ገና ካልእ ኣሎ ንህዝቢ ኤርትራ ዘይተነገረ"ምስቶም ዝሐፉ ዝተቐበረ''ንስምምዕ 20 ጥቅምቲ ኃሰዩ ዘተ ምስ ኢሰባ''ነቲ ሐዊ ኣፍሲሱሉ ላምባ'' ንተሐኤ ንምብትታና ውዲት ምስ ወያነ ካብ ሰግር ሩባ''እዚ ምስጢር ብኣጋ ህዝብን ሰራዊትን ተሐኤ ክንዲ ዝፈልጦ ን345 ዓመታት ዕበጦ ዕበጦ''ሎሚ ንስምምዕ 20 ጥቅምቲ ክንደይ ካብ ሚእቲ ዩ ዝፈልጦ''ንቃልሲ ተጋድሎ ሐርነት ኤርትራ''ባዕሉ ኩዳዓ ክነሱ ንሐዲሽ ወለዶ ከም ቃልሲ ኩዳዓት ገሩ ዘፍለጦ''ኣብ ካላኣይ ክፋል ይቐጽል።*

(2ይክፋል)

*ሕቶ ንተሐኤ ኣብ ምብትታን ዘብጸሐ መንዩ'መልሲ ኣብ ውግእ ሐዲሩ ዘይደክም''ምስቶም ድቅስ ዝሕደሩ ካድራት ጉድለታት ክእርም''ከየዕረፈ ክትዕ ዝገጥም''ምስክር ናይቲ ተባዕን ቀራጽን ሰራዊት ሐርነት ብፋሉል ዝፍለጥ ኣባሉ ሰለ ዝነበርኩ ክምስክር''ብጅካ እቶም ብተግባራቶም ኣብ 2ይ ሃገራዊ ጉባኤ ዘይተመረጹ ዉሑዳት ጥራዝ ነጠቕ ካድራት'' ብስዉር መሳርሒ ሰልፊ ነጻነት ንተሐኤ ንምብትታን ተጸፍዮም ዝነበሩ ኢሰያሳዉናን''ሕቶታትና ብኣጋ ንጉድለታት ንምእራም እዩ ዝነበረ እንበር;ሕቶታት ሰራዊ ሐርነት ንተሐኤ ንምብትታን ኣይነበረን''ንሐቶታቱ ክንዲ ምምላሽ''ጸሊም ታሪኽ ተፈጽሙ።*

*ጅግንነቶም ብ75 ኡሱራት ካብ ሰንበልን ዓዲ ኳላን ምውጻእ ብ77 ኣውቶቡሳት ሰታዮ ካብ ኣስመራን ኣብ ውግእ ዓዲ ካንታ ዝወዓለን ይንገር''ኣብ ውግእ ሰላዕዳዕሮ ንሰራዊት ደርጊ ኣብ ኣስመራን ከባቢኣን ምስ ሐጸሮ'' ኣብ ከባቢ ኣቑርደት ንክልተ ዓመት ምስ ዕረዶ''ውግእ ተሰነይ መንደፈራ ኣቑርደት''ካብ ማእሰርቲ ሞኀራይብ ሐራ ምስ ወጹ ምርብራብ ባረንቱ ይመስክር''ብድጉላት ካድራት ኣንፈቱ ሰሒቱ''ሰራዊት ሐርነት ብዘይ ድልየቱ''ንግንባር ኢዱ ምስ ሃበ''ሸዑዩ ኢትዮጵያዊ ሉኡኽ ንተሐኤ ንምብትታን ዕድል ዝረኸበ''ብ77 ኣብ ውግእ ባጽዕ ሳሊና ጅግንነት ሰራዊት ተሐኤ ከመይ ነበረ''ሰራዊት ህግባዊ ግንባር*

*ይመስክር''ሕጂ ውን ፍትሐዊያን ተመሲሎም ዕምሪ ኢሰያስን ጉጅሉኡን ዘናውሑ ድጉላት ካድራት ኣብ ሞንጎና ኣለዉ እሞ ኣይትዘንግዑ።*

*ድሕሪ ምብትታን'ተ.ሐ.ኤ''ኣብ ድያስፖራ ብዘይ ምግናን ንህዝባዊ ግንባር ዘመከተን''ሃገርና ኤርትራ ብጅግንነትን መስዋእትን ሰንክልናን ደቃ ካብ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ሐራ ምስ ኮነትን''ብካድራት ዘይኮነስ''ከም መሰረታት ተሐኤ ሰውራዊ ባይቶ ገሩ''ነቲ ንሙሉእ ርእሰ ውሳነ ኤርትራ ካልእ መተካእታ የብሉን ዝብል ዕላማ ኀሰዩ''ብህዝባዊ ግንባርን ዲሞክራሰን ፍትሕን ህግደፍ ዝብሉ ሸም ዝለወጠ ዘንፈጥፈጠ ኣይነበረን።*

*ኣብዚ ውን በተንቲ ተሰሚና''ጸረ ቶም ኣቃላልሳና ይነጸር ዝበሉ''ብካድራት ሰውራዊ ባይቶ ዳግማይ ጌጋ ተደጊሙ''ኢድ ለሚሳ መልሐስ ነዊሐ''ንዝኣመነ ኣሚኑ መራሒ ጭፍራ ህግደፍ ን32 ዓመት ቀሲኑ ደቂሱ''ካብ ንሕቶታት ፋሉል ዝፈልጥ ካብ ባሕሪ ብጭልፋ ኣብ ሐቀኛ ታሪኽ ዝተበገሰ ምስክርነት'' ብተጋዳለይ ተጋድሎ ሐርነት ኤርትራ ነበር''ገለ ካብቶም ፋሉል ዘጠመቕዎ መራሕቱ ምዃኖም ዝረሰዔ''ግርህና ኣጥቂዕዎ ዓይኑ ዘየንቀሐ''ንሳቶም ኣብ ዓራት ንሕና ኣብ ባይታ ኮታ''ኣብ ሃገር ጀርመን ካብ 84 ክሳብ 1994 ንሰውራዊ ባይቶ ንምሕያል ብገንዘቡን ብጉልበቱን ዝተቃለሰ''ገ እንዳ በሉኻ ዶ ትጋገ.ብገበን ስለ ዘይሕተት ኣንጊሁ ምስ ወሰነ ኑቶም ብሂወት ዘየለዉ ንስድራቤቱ ክርኢ ዝበቅዔ::*

*ኣንጊሀ ብኢሰያስ ዝመርሖ ጉጅለ ቅዋማዊ መንግስቲ ክትከል መዓስ ተጸብየ'' ንሕቶ ህዝባዊ ሳራዊትን ጀጋኑ ንስንኩላትን ብዓረር ምስ ፈትሖ''ብኢሰያስ ዝመርሖ ጉጅለ ኣብ ሃገርና ኤርትራ ህዝቢ ቀጻሊ ዘውደቐሉ ቅዋማዊ መንግስቲ ክቐውምዩ ኢለ ስለ ዘይኣምንን ንዓዲ መእታወይ ውን ብጉጅለ ህግደፍ ቅቡል ስለ ዘይነበረን''እቲ ኣብ ዓዲ ዘጋጠመኒ ንታሪኽ ክገድፎ''ሕጂ ምስ እታ ሳጓ ዘይብሉ ሸማ እንኮ ውድብ ተሐኤ ኣባላ ኮይነ ጸረ ፋሽሽታዊ ጉጅለ ህግደፍ ዝቃለስ ዘለኹ እየ።*

*ኣብዛ ታሪኻዊት ዕለት ዓለም ለኸ መዓልቲ ሽቃሎ''ንለውጢ መጸዋዕታ ብውድብ ተሐኤ''ንለውጢ ብስኒት ብደገን ብውሽጥን ብግብሪ ምስ ምክልኻል ሐይልታት ኤርትራ''ጉድ ኢሰያስን ጉጅሉኡን ብዙሕ ኣሎ ዘይተቐልዔ''ኣበይ ተማሂሮም ሕክምና ንቅርጸት ከብድስ ማሕጎማ''ህዝቢ እንዳ ጠፍኤ ካብ ማዕዶ ማዕዶ ምጥምማት ን32 ዓመት ኮለል ያኣክል ተናዘዙ''ንበትሪ ኣብ ማእከላ ኣይትሐዙ''ኣብ ሳልሳል ክፋል ይቐጽል።*

*(3ይ) ክፋልን መዛዘምን)*



*ስእሊ በርሀ ዘሪፎ ብ81 ኣብ ገማግም ባሕሪ ርእሲ ከተማ ሃገር ሊባኖስ በሩት'' ተንታኒ ታሪኽ ጆጋኑ ካብ ባሕሪ ብጭልፋ ብኣባል ከቢድ ብረት ቦጦሎኒ 149 ነበር ውጻእ ማዓት''ኣብ ሜዳ ብፋሉል ኣጸሊሞም ብኣባላት ጸጥታ ከሻፋን ከቢድ ብረትን ካብ ኢደይ ኣግዲፎም ጃላ ምስ ገበሩኒ''ዕጥቀይ ኣውሪዶም ኪድ ንስድራ ቤትካ ረኣይ ኢሎም ንዕረፍቲ ኣፋኒዮምኒ''ወተሃደራዊ ረስሚ ተሐሪምዩኒ እቶም ምሳይ ዝነበሩ ብጾት ምስ ሐዲሽ ረስሞም ስለ ዝንበሩ''ኣብ ሕንብርቲ ምስ በጻሕና ወተሃደራዊ ረስሚ ዝተኸደኑ ተጋደልቲ ግንባር ሰላም መዓስ መጺኹም ካብ ዕራቕ በሉና''ብማዕዶ ዝዕዘቡ ዝነበሩ ተጋደልቲ ተሐኤ ገለ ካብኦም ሽሪፎ ሽሪፎ እንዳበሉ ናባና ምስ ኃየዩ ኣንጎሎ ተጠውዮም ተጸፊዩ''ኣናፍራ ቆጃሕ ዘይፈልጥስ ኣይሃዳናይን''ካብ ሕንብርቲ ንጸዓዘጋ ምስ ኣተኹ ምትፍና ተጋደልቲ ጀብሃን ሻዕብያን ጸኒሑኒ ኢሂ ደኣ ኢለ እተሐተትኩ እዚ ሎኽመኛ በዚ ሐሊፉ ዝብል መልሲ ሂቦምኒ''ኣብ ገረሚ ቅንጸላ ተጋዳላይ ሽኮራይን ነቲ ኩነታት ክፈልጡ ዝኸዱ ቅትለት ክልተ ተጋደልቲ ብተጋደልቲ ሻዕቢያ ስለ ዝተፈጸመ እዩ ዝነበረ''ክንዲ ንሕቶታቶም ምፍታሕ እቲ ብረት ናብ ሕድ ሕድ ኣምረሐ።*

*ዕላማይ ንስድራቤት ካብ ኣስመራ ጸዊዕካ መርካብ ስለ ዝነበረ ንዓዲ ቁንጺ ከይደ ንስድራ ቤተይ ጸዊዔ ንምርኣይ በቓዕኩ''ብዛዕባ ሕቶታት ሰራዊ ሐርነትን ይገልጽ ስለዝነበርኩ ጸጥታን ተጋደልትን ተሐኤ መርገጽካ ኣነጽር በርሀ እንዳበሉ ይደፋፍኡኑ ነበሩ እሞ''መልሰይ ድማ ሎሚ ጀብሃ ጽባሕ ጀብሃ ዝብል እዩ ዝነበረ''ሐቅነተይዩ ሐራ ኣውጺኡኒ ዕድመን ጥዕናን ሂቡኒ ነዚ ንክገልጽ በቂዔ።*

*ናይ ዕረፍተይ ፍቓድ ነከለጉዛይ ስለዝነበረ ነከለጉዛይ ከይደ ንጸጥታ ክሕብር ነሩኑ''ኣብኡ ግና ኣፍልጦ ተጋደልቲ ጀብሃ ኣብ ከበሳን ሳሕልን ባርካን ዝነበርና ኣፍልጦና በበይኑ ኮይኑ ጸኒሑኒ እዚ ጉጉይ ሐቤሬታ''ጀብሃ ክትሐቅቕያ ዝብል*

*ጭርሖ ብኢሰያስ ዝምራሕ ግንባር ንተጋደልቲ ተሐኤ ንምብትታን ሹዑዩ ዕድል ዝረኸበ''ካብ ኣከለጉዛይ ምስ ተመለስኩ ኣብ ዕረፍቲ ከለኹ ኣብ ዓዲ ቁንጺ ቅድሚ ንእንባደርሆ ምስጋሩ ምስ ጅግና ኪዳነ ዓንደመስቀል ንሐጺር ግዜ ኢሂን ምሂን ተባሃሂልና''ናዓናይ ምሳና ኢሉኒ ኣይፋል ኣነስ ኣይከይድን እየ ኢለዮ''ንጽባሒቱ ክንዲ ንሕቶታቶም ምፍታሕ''ኣብ እንባ ደርሆ መፍተት ሎኽመኛ ኢሰያስ ውግእ ሕድ ሕድ ኣብ መንጎ ጀብሃታት ተኻይዱ።*

*ታሪኽ ይተንተን እንበር ይተናተን''ብድጉላት ኢሰያሳዊያ ክሳብ ማዓስ ክንባተተን''ኣብ ድፋዕት ካላኣይቲ ሐይሊ ቦጦሎኒ 149''ብተጋደልቲ ሰዉእ ዑስማን ሳበ ዝምራሕ ውድብ ስለ ዝተታሕዘ እዩ ንሕቶታት ሰራዊት ሐርነት ናብ ዝለዓለ ጥርዚ ዘብጸሐ''ነዚ ምትእትታዊ እዚ ሐደ ካብቶም ኣዝዮም ዝቃወምዎ ስለ ዝነበርኩ''ጸጥታ በርሀ ሽሪፎ ናብ እንዳ ሳበ ክኸይድ እዩ ዝብል እምነት ስለ ዘይነበሮም''ጸጥታ ክኣስሩኒ ምኗኖም ምስ ሐበርክዎ''ኣነኳ ዝወለደት ትውለድ ሐቅነተን የዋጻኣኒ ኢለ ነረ''ተቢዑ ዘትብዑ ተጋዳላይ ዓንዶም ግና ካብ ምእሳር ኣድሒኖምኒ"ናብ እንዳ ሳበ ምስጋረይ ምስ ፈለጡ ደድሕረይ ምስ ሰዓቡን ቀልጢፎም ንሱዳን ንዕረፍቲ ከምዝዓቱ ገሮምኒ''ድሕሪ ዕረፍቲ ንሜዳ ክምለስ ከለኹ መተዓቢተይን ኣብ ቦጦሎኒ 149 ምሳይ ዝጋደል ዝነበረ ብሃንደበት ምስ ተራኺብና ምስኣም ምቅላስ ገዲፈ ንስደት ኣምሪሐ።*

*ሐርበኛ ኣይነብርንዩ ታሪኽዩ ዘውርስ''ሕጹብ መዓንጣ ኪዳነ ዓንደመስቀል መንዩ ከይትብሉ ብ72 ናብ ተጋድሎ ሐርነት ኤርትራ ተሰሊፉ ዝተቃለሰ ብጅግንነት ኣብ ማእከል ከተማ ኣስመራ ንኢሰባ ኣንፈጥፌጡ ዝተሰወኤ ጅግና እዩ''ናብ ግንባር ማዓስ ኢዱ ሂቡ ካብ እንባደርሆ ንድርፎ ዘንቀልቀለ ኪዳነ ንጉድለታት ተሐኤ ንምእራም እንበር ምስ ህዝባዊ ግንባር ዝኾነ ርክብ ከምዘይ ነበሮ ዘተኣማምን ሕቂ እዚ እዩ''ከምቶ ብዘይ ሐሰብዎ ግዳይ ዝኾኑ መዓስ ኮይኑ''ምስ ሐርበኛ ሰዉእ ኪዳነ ዓንደመስቀል ኣብ ዓራግ ሳሕል እዩ ፈለማ ሌላና''ብመጀር ጃስም ናይ ተዋጋኢ ሐይልታት ሰራዊት ሐርነት መራሕቲ ክንከውን ብሐንሳብ ኮርስ ወሰድና''ካብ ሚጀር ጃሰን ኣድንቖት ዝረኸበ ሐርበኛ ተቓላሳዩ''መዓስ እዚ ጥራይ ኣብ ዓራግ ፖሎቲካዊ መግለጺ ክህበና ዝመጸ ኣባል ወተሃደራዊ ስታፍ ብጻይ ሕሴን ከሊፉ ኢዱ ሐፍ ኣቢሉ ምስ ሐተቶ''ሐደ ካብቶም ኣብ 2ይ ሃገራዊ ጉባኤ ዝመረጹኻ እየ ምስ በሎ''ቃል ብቓላ እሞ ነዚ ሰሚናር ደኣ ንስኻ ዘይትመርሖ ዝብል ምስክርነት ዝረኸበ ሐርበኛ እዩ ነሩ።*

*ንሜዳ ካብ ዝወጽእ ኣትሒዘ ኤርትራ ንኤርትራዊያን ንጹርዩ ዕላማይ''ካብ ሜዳ ክሳብ ናብ ሃገር ጀርመን ዝኣቱ ብዙሕዩ ነዓይ ዘጋጠመ''በዚ ኣጋጣሚ ንፍሰሃየ ወዲ ኣርባዕተ ዘለኒ ኣኽብሮት ኣዝዩ ዝለዓለ እዩሞ ካብ ሰናይካ ዝምነ በርሀ ሽሪፎ''ከምኡ*

*ውን ካብ ነጻ ከተማ ኣቑርደት ብኢሰያስ ዝምራሕ ህዝባዊ ሐይልታት ምስ ብዑስማን ሳልሕ ሳበ ዝምራሕ ህዝባዊ ሐይልታት ዝተፈለየ ተጋዳላይ ዓንዶም ካብ ማእሰርቲ ስለ ዘድሐነኒ ዘለኒ ኣኽብሮት ወሰን የብሉን''ኣብ ኣመሪካ ምህላውካ ሰሚዔ እየሞ ምስ ምሉኣት ስድራቤቱ ድማ ዕድመን ጥዕናን እምነየሉ በርሀ ሽሪፎ።*

*ጭርሕና ከምቲ ናይ 77 ኤረናዶ ብደርገ ትሕሎ ለብዘበን ሐዲኡሎ;ህዝቢ ኤርትራ መረረ የሰምዕ ኣሎ''ሕጂ ድማ ኤረናዶ ብህግደፍ ትሕሎ''ጅግና ከም ኪዳነ ዓንደመስቀ ተሳኢኑ''ደንበ ተቓውሞ መልሕሰ ጥራይ ኮይኑ''መድሕን ዝኾና ሐጸብ መዓንጣ ተሳኢኑ ይበሃል ኣሎ'' እንዳበልኩ ኣብ ሐቀኛ ታሪኽ ዝተመርኮሰ ትንተናይ ክዛዝሞ።*

*ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና''ስዕረት ንጃንዳ ህግደፍ ዓንገልቶምን''ኤረና ንለብዘበን እንበር ነዓመታስ ሽዊት ለምለም''ብኣባል ተሐኤ በርሀ ዑቅባዝጊ ካብ ሃገር ጀርመን(9)ግንቦት 2023።*